# እቲ ታሪኽ ተጋዳላይ፡ ታሪኽ ስውኣት 'ኣይትኽልስዎ' ርዓምዎ'ምበር!

መኮንን ዓንተራይ

ህልው ኩነታትና ኣሰር ሕሉፍ ታሪኽና ም'ኳኑ ዘማትእ ኣይመስለንን። ኣብ 1961 ዝተገብረ ጌጋታታ፡ ሕጂ 1001 ቅንጥብጣብን ቤላቤልው ኣ'ኻኽብካ ከምዚ ተዝኽውን ከምቲ'ባ ክትብል ቀልል'ኳ እንተመሰለ፡ ካብ ውድዓዊ ኩነታት ዝተበገስ ስለዘይከውን፡ ካብ ንምክፋእን ምስልና ንምድምሳስን ሓሊፉ ግብራዊ ኣዕጋብነት ክህልዎ ኣይክእልን። ይኹን'ምበር ሕሉፍ ታሪኽና ናብ ናይ ጽባሕ ወለዶታት ክመሓላለፍ መታን ክንውከሶን፡ ክንመሃረሉን ብግቡእ ክሰነድ ይግባእ። ኩሉ መዳያቱ ክንፍትሾ'ውን ግቡእ ኢዩ። እንተኾነ ብጀካቲ ብመጻሕፍቲ ዝሕተም፡ ኣብዚ ዘለናዮ ናይ ኢንተርነት ዘመን ክከሓድ ዘይግበኦ ተረኽቲ ታሪኽና ባዓልመን'ዮም ንምልላይ ከጸግም ከምዝኽእል ዝካሓድ ኣይመስለንን። ብዙሓት ግዱሳት ኣብዘን ዝሓለፉ 10 ዓመታት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ካብ 2001 ንድሓር ጉዕዞ ኣካይዳና "ዝረሰነ ፈረስ" ይመስል ኣሎ ዝብሉ እናበዝሑ ይመጹ ኣለዉ። ከመይሲ "ኣነ ዘይበልዓ ሻሊቖስ ንዋሪ" ዝዓይነቱ፡ ነተን ብኽንደይ ውረድ ደይብ ዝተተኽላ ባላ'ታ ዋላ ንምቑራጸን ጒዲም መጋዝ ሒዞም ክሕርሕሩውን ዝውዕሉን ዝሓድሩን ዝነበሩ፡ ሎሚ መብዛሕትኦም ዘፍ ኢሎም ድኣ ይኹኑ'ምበር፡ ማእለያ ኣይነበሮምን።

ስም ብርዒ እንዳቀያየርካ ታሪኽ'ቲ ዳርጋ መዘና ዘይርከቦ ጅግና ህዝቢን፡ ጉዕዞ መሪር ተጋድልኡን፡ ሰውራኡን እንሓንሳብ ዘይመልክዑ፡ ሕልፍ ኢሎም'ውን ሓደ ገጽ፡ ማለት ንረብሓኦም ጥርይ ዘገልግልን ዝውዕልን ክሕንጥጡ ተዓዚብና ኢና። ሕጂ ድማ ገና ክይሰወዱ ዝጸንሑ፡ ዝይረብረቡን ውጥም-ቅልቅል ይብሉ እነህዉ። ዝገደደ፡ ናይ ለብዘበን ተዋሳእቲ'ውን ደረት ሓሊፎም ንታሪኽና ክብልሉን፡ ክኽሕዱን ንመንፈስ ስዋኣትና ክዝልፉን ንዕዘብ ኣሎና። ንሶም ኣይክሰምዑዎምን'ዮም። እንተኾነ ነቶም ልዓትን በትሪን ጸጋጊኖም 'ልዕሊ ምውታትን፡ ትሕቲ ህልዋትን' ዘለዉ ናይ ሓርነት ኣካለ-ስንኩላት ንምዝላፉን ንምንእኣስን'ምበር ካልእ ምስጢር ክህልዎም ኣይክእልን። ብዝልዓለ ጥርዙ እንተተዓዘብና፡ ሓንሳብ ንሓዋሩ ንምቅብጻምን፡ ኣሰሮም ንምድምሳስን ዝተሓለነ እንተኾይኑ፡ በቲ ካልእ ገጹ እንተሪኢና'ውን ኣዴታት ስውኣት ብህልዋተን ብመስዋእቲ ደቀን ክትሕጭጭን፡ ጸጉረን ተደርሚሙ ክነብር ከትገብር ምፍታን'ምበር ካልእ ጣቓ የብሉን። ብድምሩ፡ እቲ ካልእ ስዉር ዕላማኡ ድማ ቅልዑ ናይ ሰነ ኣእምሮኣዊ ዅናት ኣንጻር ህዝቢ ኢዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ግን ክንደይ ካብዚ ዝኸፍእ ኣሕሊፉን ተሰኪሙን ተሞኩሩን ስለዝኾነ ዝያዳ'ዩ ዘብልሖ። ምኽንያቱ ከምቲ ጸሎት ኣቦዋት "ካብ እሾኽ ምድሪ-ቤት ካብ ሕሱም ጐረቤት ኣድሕነና" ዝብልዎ'ዩ ነገሩ። ኣብ ምድሪቤት እሾኽ ክህሉ ዘይመስል'ዩ። ካብዘይረኣ ጸላኢ ማለቶም ኢዩ። ብዝኾነ ጸላእትናን ፈተውትናን ኣጸጺና ስለንፈልጥ፡

ዝያዳ ከነተኩር'ምበር ኣስተማሲልናን ተዳህሲልናን'ውን ኣይንፈልጥን። ከምዘይ ተገርሓ ፈረስ ጋሊብኩም-ጋሊብኩም፡ ካዕቦ-ካዕቦ ርሂጽኩም ዘፍ ከምትብሉ፡ ሕሉፍ ታሪኽና ምስክርና ስለዝኾነ። ከምወትሩ ንስኹም ክትዛረቡ፡ ንሕና ግን ካብ ጉዕዞና ደው ኢልና ኣይንፈልጥን። ጉዕዞናን ራኢናን ወትሩ ንጹር'ዩ። ግብራዊን ህዝባዊን ኢዩ። ቀድምና'ውን ካብ "ቃላት ግብራዊ ስርሕና'ዩ ምስክርና" ስለእንብል፡ ኣብ ናይ ቃላት ጭለነት ተጸሚድና ዝሓለፍናየን ዓመታት ኣይንዝክርን። ርሂጽና፡ ለፊዕና፡ ደሚና፡ ተሰዊእና፡ ሃገር ናጻ ክንገብር። ህዝብና ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ከነገላግል። ኩሉ ዝፈልጦ ብምንም ታኣምር ምእንቲ ውልቃዊ ረብሓታትና ብሃገር ተጓኒዕናን ካብ መትከልና ወሰለትለት ኢልና ኣይንፈልጥን። ምኽንያቱ ካበይ ነቒልና ኣበይ ክንበጽሕ ምኻና የዕሪና ስልንፈልጥን፡ ብንጹር መትከል ስለዝተበገስና፡ ብራኢ ስለንምራሕን።

ብትሃውርን፡ ሳዓብ ስለዝተባሃልናን ዘይኮነስ፡ ብወለንታና ንህዝብና ሓራ ክንገብር ንእስነትና ወፊና። ኣብ ጉዕዞና ብኽምዞም ሕጂ ታሪኽና ክኽልሱ ዝፍትኑ ዘለዉ ተፈቲንና፡ ብዙሕ ሓርጎጽጎጽ'ኳ ሰጊርና እንተኾና፡ በቲ ናይ ኽዕኡ መዐቀኒ ኢና ንመዝኖ። ክንሓልፎ ዝነበረና ናይ ኽዕኡ ተረኽቦ ገረና ስለእንሪኡ፡ ኣካል ታሪኽና ምኻኑ'ውን ኣዐርና ኢና ንፈልጥ። ታሪኽ ስጡም'ዩ ዝብል መርሆ ዘሎ ኣይመስለንን። ምኽንያቱ ፍጻመ ደቂ ሰባት ስለዝኾነ። እዞም ናይ ሎሚ ዝራባዓት 'ኣብታይ' ወይ 'ከይተጸፍዩ' እንከለው፡ ዝተፈጸመ ፍጻሜታት ኣብ ማእከል ህዝብና ዝተፈጸመ፡ ታሪኽ ህዝቢ ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ሎሚ ናብ ዓዲ ጓኖት በርጊጎም ዝጠፍኡን ኣራጢጦም ኢዶም ኣጣሚሮም ብዝጸንሑ ሓንጠጥቲ፡ እቲ ታሪኽ ጀግና ተጋዳላይ 'ጽውጽዋይ ታሪኽ' ኮይኑ ክንገረና ኣይክንጽበን ኢና።

እዞም ንነብሶም፡ ብገዛእ ርእሶም ፍላስፉታት ታሪኽና ሸይሞም (ቤላቤለው ኣኻኺቦም) ሃየስቲ ሕሉፍ ጉዕዞና ብምኻን ታሪኽና ክከሻምሹ ዝውዕሉ ዘለዉ፡ እዚ ሕጂ ዝዝልፍዎ ዘለው ታሪኽ ክፍጸም ከሎ ኣበይ'ኮን ነይሮም ይኾኑ? ዝብል ሕቶ ሓቲትካ ሕልፍ ምባል ምኣኸለ እመስለኒ። እንተኾነ መን ይፈልጥ ካብቶም ናይ ትማሊ ህጸናት፡ ነፈርቲ ኢትዮጵያ ዶብ'ታ ሕጂ ንኽጥዕሞም ሃገረይ ዝብልዋ ግን ህላወኣ ዝኽሓዱዋ፡ ጥሒሶም ክሳብ ዝኸዱ፡ እንዳርከባ ጨፍጪፈን ዘሳገርኦም እንተኾኑ። መብዛሕቱ ቅድሚ 1991 ኣብ ኤርትራ ዝተወልደ በየናይ መልክዑ ብዘይየገድስ፡ ግፍዒ መግዛእቲ ኣረኻኺብሉ ስለዝኸውን፡ ዋላውን ኣብ ደገ ይዕበ ግዳይ ናይቲ መረር ጨቓኒ መግዛእቲ ምኻኑ ዘማትእ ኣይኮነን።

እቶም ብረት ተሰኪሞም ፈቕዶ ጎቦን ኩርባን ንጸላኢ ሰስ ዝበሉን፡ ሂወቶም ዘወፈዩን፡ ከምዚ ናትና ዕድል ኣየጋጠሞምን። ብዙሓት ድማ ንዝነበሮም ዕድልን ምቹትን ጠንጢኖም ምእንቲ እዚ ሕጂ ብማንም ዝጋማዳሕ ዘሎ ታሪኽ ክሰርሑ ወፊሮም። ተጋዲሎም። ተሰዊኦም። ውጽኢት ታርኾም'ዩ ድማ ናጽነት ክውን ጌሩ። እዛ ሕጂ ንስለኣ ንማጻደቕ ዘለና ሃገር፡ ሃገር ገይሮም ኣረኪቦምና።

ስለዚ እዞም ሎሚ ንታሪኽና ክንጣዓሰሉ ብዘስምዕ፡ ኣብ ሜዳ ኢንተርነት ዘዳኽሩ ዘለዎ፡ ተረኽቲን ሃየስትን፡ ትማሊ ኤርትራ 'መበል 14 ክፍሊ ሃገር ኢትዮጵያ' ከላ ዝፈልጥዎ እንተነይሮም፡ ሎሚ ውን ኣብ ዘመን ኣይተ መለስ-ወያነ፡ መበል '9ይቲ

ብሄር-ብሄረ-ሰባት’ ክትከውን ነይሩዋ፡ ኢዮም ዝብሉና ዘለው። ጉዕዞ ታሪኽና ጌጋ’ዩ ነይሩ፡ ዝብሉ እንተሃልዮም በተሓሳስበኦም እንታይ ክግበር ነይርዎ ብሩህ’ዩ። እሞ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ አርዑት መግዛእቲ ተቐሪኑ ክነብርዶ ነይርዎ? ድልየቶምን ዕላምኦምን ነዚ’ዩ ዘነጽር። ብኻልእ ኩሉ ሰለዘይሰለጦም፡ ብሰነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት ክርዑዱና። ንገለ ሰባት ብማዕዶ ገብኢን ራዕድን ዘትሓዞም’ዩ ዝመስል። ከመይሲ ንኹሉ ዝሓለፍናዮ ዘንጊዖም፡ ኤርትራ ብጀካ’ዞም ናይ ሎሚ ሓንጠጥቲ ሰብ የብላን ክብሉና ይደፍሩ ስለዘለዉ። መድሃኒት ገብኢ ዝፈልጥ እንተሎ ሃየ። ኣብ ሜዳ’ኳ ሳላ ኩነታትና ብዙሓት ዶካትር እንተዘይነብሩና ሳላ ብልሓትና ዘፍረናዮም ብዙሓት ኣጋር ሓካይምሲ ነይሮምና ኢዮም። እዞም ናይሎሚ ሓካይምና፡ ጓኖት ምስ ሂትለርን መሶሊንን ተሻሚቶም ኣብ ዘጣጥሕሎም ሳሎናት ኣራጢጦም ታሪኽና ከኽሕዱ ኣይምተገበኣን። እኳ’ድኣ ብሓቂ ክኾርዕሉን ክውንንዎን፡ እንተኻኣሉ ብዝያዳ ከቃናጅውዎን፡ ዋላ’ውን ኣጋኒኖም ክኾሓሕልዎን ምተገበኣ። ብዝወሓደ ድማ ከም ዘለዎ ክውሕጥዎ። ካብዚ ሓሊፉ ግን ከም ፍረ-ኣዳም ኣብ ጐረርኦም ተሰኒጉ ምውሓጥ ስለዝኣበዮም ኣይንላዕሊ-ኣይንታሕቲ ትልኽ ክብሉ መሪጾም ንዕዘብ ኣሎና። ሕሉፍ ታሪኽና ዝምስክሮ ንጥፍኣትና ብዙሕ’ዩ ዝበሃልን ዝዳሎን፡ ኣብ መወዳእታ ነቶም ሃንደስቱ መጥፊኢኦም’ዩ ዝኸውን።

ብገድሊ “ቀሺ ኢሳይያስ” ዝተጠመቐ ውድብ፡ ድሒሩ’ውን “ብገድሊ ሓማሴን” ተሓምዩ’ዩ። ዳሓር’ውን ንርዱእ ምኽንያት ክሳብ እንዳ ብምውራድ “ውድብ ካርነሽም” ተሰይሙ። ‘ብትግራይ ትግርኝ’ ተኸሲሱ። ‘ማርክሰ-ሌኒናዊ፡ ማኦያውያን’ ተጠሚቑ። ኩሉ’ዚ ህዝባዊ ሓይልታት ዳሓር ህዝባዊ ግንባር ገና ውልዶ ከላ’ዩ ዝባሃል ዝነበረ። ዕላምኡ ቀሺ ኢሳይያስ ፡ ‘ትግራይ ትግርኝ’ እንተልካን ነቲ ካልእ እምነት ዘለዎ ንምፍርራህ ኮይኑ፡ ገድሊ ሓማሴን ምባል ድማ ነቲ ካልእ ክፋል ሕብረተሰብ ንምፍርራህ’ዩ። ገድሊ ካርነሽም እንተተባሂሉ ድማ ብዝተሓተን ዝወሓደን ካብ ኩሉ እቲ ካልእ ክፋል ሕብረተስብ ንምንጻሉ። ብዴሳዊ ስርዓት ምጥማቑ’ውን ካበቲ ዓረባዊን ምዕራባዊን ዓለም ንምግላሉ። ዕላማኡ ኣቃጺኻን፡ ኣጸሚኻን ረዳኢ ዘይብሉ ንምቕታሉን ንምጥፍኡን’ዩ ዝነበረ። ህ.ግ “መራሕቱ ደናቑር፡ ስራዊቱ ጩጓር ዳንጋ ጥራይ፡ መምርሕን መትከልን ዘይብሉ፡ ብተሃወር ንቕድሚኡ ዝግስገስ፡ ኮታ መጀመርታ ዘይነበሮ፡ መዕለቢኡ ዘይፈልጥ ውድብ’ዩ” ተባሂሉ፡ ሰሚዒና፡ ተነጊረና። ኩሉ’ዚ ኮንቱ ፈተነን ጸለመን፡ ንብላሽ ኮይኑ። ህ.ግ ብድስፕሊን ዝልለ፡ ሓያልን ጽኑዕን ውድብ ኮይኑ።

ኣቱም ሰባት ኣነ ዘይውዓልክዎ ውዕሎ ኣይኮነን፡ ኣነ ዝየለኹሉ ኣይሃሉ፡ እንተኾይኑ ነገሩ ሕጅውን ሃልኹም ኣይሃልኹም ክንህሉ ምኻና ክትግንዘቡ ይግባእ። ምናልባት ዘይበርሃልኩም እንተሎ ትማሊ ከይንህሉ ዝካኣልኩም ዝኣልምክምዎ ውዲት በታቲኽና ኣብዚ ካብ በጻሕና ሎሚ ትኣልምዎ ውዲትውን መቐጸልታ ናይትማሊ ስለዝኸውን ካብ ጉዕዞና ክትኮልፉና ኮቶ ዘይሕሰብ’ዩ። እቶም ትማሊ ብረትና ቑልቑል ኣፉ ዝደፍኡ ናይ ሎሚ ‘ፍላስፋታት ሓድነትን መድሕን ሃገርን’፡ እቶም ትማሊ ታሪኽና ኣዘንቢዕም ዝኸሰቡ’ዮም። ሎሚ’ውን ድሕሪ’ቲ ፍሹል ፍልስፍንኦም ዕያውልት ታሪኽ

ኣሰንዮም እንተፈተኑ፡ ነቲ ትግሊ ብደዎም ዝበደነ ሬስኦም ህይወት ክሰኽዕሉ ዝካኣል ኣይመስለንን።

<u>ታሪኽ ብዓይኒ መን?</u>

ታሪኽ ክጥምዘዝን፡ ክዕበጥን ከቶ ይከኣል ምዃኑ ዘካትዕ ኣይመሰለንን። ታሪኽ ኤርትራ ንባዕሉ ብቑዕ ምስክር ስለዝኾነ። እዞም ሕጂ ንገዛእ ርእስና ልዕሊ ካልኦት "ኤርትራውያን ብምዃን" ታሪኽ ነጋግድሕ ዘሎና፡ መብዛሕትና እቶም ብደገ ዘሎና ግዳይ ናይቲ መራሕትናን ካድራትናን ዘሳወርዎ፡ ውግእ ሕድሕድ ኢና። ወይ'ውን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣቐድም ኣቢልና ንስደት ዘምራሕና። ብሩህ ንምዃን እቲ ሕጂ ብዛዕባ ታሪኽና ከምዚ ትዝኽውን ከምቲ'ባ ዝብል ዘሎ እዚ 'ወለዶ ገድሊ' ምዃኑ'ዩ። እቲ ዋርሳይሞ ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝኸሶ "ዘይተዛዘመ" ናጽነት ስለዝተረከበ ንምዝዛሙ ኣሰር ቀዳሞት ኣሕዋቱ መስዋእቲ ይኸፍልን፡ ሃገር ይሃንጽን'ዩ ዘሎ'ምበር፡ ገና ታሪኽ ኣብ ምውካስን ምኽላስን ኣይየርከበሉን ዘሎ። እቶም ታሪኽና ክኽልሱ ዝሓስቡ፡ ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ እቶም ትግሊ ኣብቲ ታሪኽ ክስራሕ ከሎ እንተ ብምርጭኦም፡ እንተስ ተገዲዶም፡ ኣብ ግዕዶ ኮይኖም ብጩራ መስኮት ዝዕዘቡ ዝነበሩ ክኾኑ ኣለዎም። መነመን ኽኾኑ ይኽእሉ እስከ ንገምት ፦

<u>ኣንጊሆም ዝበረሩ</u>

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተንከፍክዎ፡ እዞም ሎሚ ንታሪኽና ዘከሻሚሹን ዝኽልሱን ዘለዉ፡ ነቶም ከምኣቶም ሃገር ጠንጢኖም ዘይከዱ ቑምነገር ከምዘይገበሩን፡ ብኣንጻሩ ንሳቶም ኣንጊሆም ዶብ ጥሒሶም በሪሮም ክንሶም ጓኖት ኣብ ዘጣጥሕሎም ቅንጥብጣብ ክሓናጥጡ ስለዝበቕዑ ነቲ ካልኦት ዝገበርዎ ቅንጣብ ጽቡቕ ከምዘይብሉን፡ ዋጋ ከምዘይውጽእ ይገብርዎ ኣለዉ። ነቶም ኣብቲ ናይ 30 ዓመታት ቃልሲ 30 ጊዜ ብጥይቲ ጸላኢ ነብሶም ዝተብጃጀለ፡ ከም 'ሓረድትን' ክንዲ ፍረ-ጣፍ ተኣክልውን ጽቡቕ ከምዘይገበሩን፡ ታሪኽም ክብልልዎ፡ ወፍሮም ንኮንቱ ከምዝነበረ ከምስልዎን የጋምድሕዎ ኣለው።

ንሳቶም ኣብ ንጹፍ ዓራቶምን ምስ መተርኣሶምን ሽሻይ ካብ ጓኖት ክቛደሱ ከለው፡ እዞም ሎሚ ኣሰሮም ክንድምስሶን ብኣረሜንነትን ዝግለጹ ዘለዉ፡ ኣብ ጐዳጉድ ብጥሙይ ከብዶም፡ ኣእማን ተተርኢሶም፡ ብስማይ ባርዕ ቦምባ፡ ብመሬት ብለመምታ፡ እፎይታ ከይራኣዩ ናብ ጉድጓዶም ኣምሪሖም። ተሰዊኦም። ገለ ካብኣቶም እቲ ንቡር ጉድጓድ'ውን ኣይረኸቡን። ኣደዳ ኣራዊት መሮር ኮይኖም ዝተረፉውን ኣይሳኣኑን። ኩሉ ንናጽነትና። ሎሚ ጐባልል ኢንተርነት (ጸሓፍትን) ኣብ ክንዲ ውዕሎ ጅግንነቶምን፡ ኣሰር ታሪኾምን ምውራቕን፡ ኣብ ጐኖም ብዘይምንባሮም ከምዝግድዕዎምን፡ ዝያዳ ምረት ስለዘሕለፉ "ብኻ ምስኦም ክይንነብር" ብምባል፡ በቲ ሓደ ጣዕሳ፡ በቲ ኻልእ ድማ ሓበንን ኩርዓትን ዝስመዕም፡ ዓይኒብለይ-ስኒ'ብለይ፡ ብኣልማማ ኣዕጽምቶም ኣርዮም፡ ላምባ ከስኪሶም ከባርዕዎ ይሕልኑ ኣለዉ። እወ ሓንሳብ ንሓዋሩ ንዐኦም ኣህሲሶም፡ ክምብሓዱሽ ሓዱሽ ታሪኽ፡ ኣሰር ታሪኽ ገድሊን ተጋዳላይን፡

ጀብሃን፡ ብፍላይ ሻዕብያ ዘይብሉ ክጽሓፍ'ያኢ። ኪኖዚ ድማ ባባ ሓዚሎምና ንደቡብ ክሳግሙ።

እዛ ሕጂ ሃገርይ ንብላ ዘላና ኤርትራ ምስ ገድልን ተጋዳላይን፡ ምስ ጀብሃን ሻዓብያን፡ ኮታ ምስ ሰውራን መስዋእትን፡ ዝተኣሳሰረትን ብእኡ ዝቐመትን'ያ። መሰረታ፡ ቀወምቲ ኣዕኑዳ፡ እቲ ንዓኣ ከናዲ ዝተሰወኣን፡ ዝሰንከለን ተጋዳላይ፡ ስለዝኾነ ብጀክኡን ምስኡ ዘይትኣሳሰር ካልእ ታርኽ ክህልወና ከቶ ኣይክእልን። ብዘይክኡ ፍጹም ዝኾነ ታርኽ ኤርትራ ስለዘየለ፡ ፈቲኹም ጸሊእኩም ዕረ ይጥዓምኩም ብዘየገድስ ንሱ'ዩ ታርኽና። ራዓምዎ'ምበር።

ኣቦታትኩም ኣብ ኣርባዓታት ጸልማት ተኸዲኖም፡ ነቶም ሃገረይ ዝበሉ ንምጥፋእ ዝደርበይዎ ቦምባታት የጣዕስኩም። ሎሚ ከኣ ንስኻትኩም ብድሕሪ ኮምፒተራት ተድኒስኩም፡ ዝተስርሓ ታርኽ ክትድምሱ፡ ክንደይከ ትደፍሩ? እንተኾነ ከምቲ ጭንጫ ናብ ደንጎላ ክቕየር ዘይክእል ጭንጫ ኮይንኩም ጥርይ ኢኹም ክተርፉ። ኣብ ድሕሪ ኮምፒተር ተኸዊልኩም ስለዝጋዓርኩምን: ገለ'ውን ኣገንዑ ስለዝበልኹም ክብ ዝበልኩም ከይመስለኩም። ታርኽ ክትቅይሩ'ውን ኮቶ ዓቕምን ብቕዕትን የብልኩምን።

ከም መዘኻኸሪ ግን እዞም ቅብጸት ዝጉዝጓዞም ከም መራሕቲስ ይትረፍ ከም ተራ ተጋዳላይ'ሞ ምሳኹም ኣብ ድፋዕ መስርዕ ኣትሕዝዎም። ብላዕሊ ሚግ ሕጭጭ ክብላን፡ ብምቕድሚት ፋሉልን ብሬንን ክውጭጭ፡ መትከሉ'ዶ? ወይ ኣትኪሎም'ዶ ኢልኩም ነንብስኹም ሕተቱ። ንፒሮ ከምዲላዮም ኣብ ሜዳ ወረቀት ዕንክሊል ዘብልዋ እንተልዮም፡ ፒሮን ካላሻንን ከምዘይመሳሰላ ንሓብሮም። ፒሮ ቀለም'ዩ ዝነዝዕ፡ ወረቐት ድማ ዝሕንጥጥ ገረብን፡ ዝሕኮር ጎቦን፡ ገደልን ኣጻድፍን የብሉን። ካላሽን ክትስከም ሓሞትን ትብዓትን ይሓትት። ደም ከኣ ተጉስዕ! ስለዚ ታርኽና ብደም'ዩ ተጻሒፉ። ብስለፈጥሪኹም ኣይተራኽስዎ።

እዚኦም'ዮም እምብኣር ካብ “ምንጋጋ ዲክታቶር” ወይ “ኣጽፋር ህ.ግ.ደ.ፍ” ወይ ካብ “ሰርዓት ኣስመራ” ከነገላግለኩም ዝብሉና ዘለዉ። ‘ኣርባዕተ ኣእጋር ተለክንስ ጽባሕ ንጉሆ ንርኣክን’ ንብሎም። ካንዶ ህዝቢ ኤርትራ ዋዛ መሲልዎም! ኣይመሰሎምን። የግዳስ ተዓዘብዎም፡ ሓንቲ ሓዱሽ'ኳ እንተዘይብሉ፡ ብጥሙርናን፡ ሰሚረናን ከምዘይክእሉና፡ የዐርዮም ይፈልጡ'ዮም። የግዳስ ከም ጡጥ ኣብ መፍተል ክፍትጉና'ዮም ዝሓስቡ ዘለዉ። ክንደይ'ሞ ዘይፈተኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ተጥቢሱ ከምዝወጸ ክዝንግዑ ኣይግባእን። ዳግም ከነዘኻኽሮም ግን ይግባእ። ረሲዐሞ ከይኮኑ።

እንተኾነ ከምቲ ኣብ 80ታት ድሕሬና ገድሊ ኣብቂኦዑ'ዩ፡ ብዘስምዕ ብረትና ቑልቑል ዝኣፉ ደፊኦም ክነግድሉ ዝፈተኑ'ሞ ሓፊሮም ዝተረፉ፡ እዞም ናይ ሕጂ ዝራባዕት'ውን ብርያም ንሓጺር ጊዜ ጻዕዳ ሓሶት ዓፈሩ-ዓፈሩ፡ ቀለሙ ጸንቒቑ፡ ቑልቑል ዝኣፉ ጠልጠል ኢሉ ሕፍረት ተሰኪሞም ዘፍ ከምዝብሉ ኣይትጠራጠሩ።

<u>ኣብ ሕቑፊ ደርጊ ዝነበሩ</u>

እዞም ሰውራ ኤርትራ ነታ ካብ ጸሊም ኣፍሪቃ ዝብለጸን ዝሓየለን ሰራዊት ዝነበራ ኢትዮጵያ ስዒሩ፡ ሃገሩ ናጻነት ኮኣናጽፍ ኣይካእልን'ዩ፡ ብዝብል ንነብሶም ኣእሚኖም መሳርሒ ደርጊ ክኾኑ ዝመረጹ እንተኾኑኸ? ተጋዳላይ ሕልሞም ባዶሽ ጌሩ፡ ሰውራ ኣብ ድርኾኺት ኣስመራ ምስ ተቓረበ፡ እንተስ ብእግሪ እንተስ ብገመል፡ ዝርው ኢሎም። ተስዊሮም።

ኣብ ዘይፈልጥዎም፡ ኣብ ዓዲ ጓና ከይዶም ከም ተጋደልቲ ወይ'ውን ስሩዓት ናይ 'ተቓወምቲ ውድባት' ብምምሳል፡ ንሻዓብያ ንምጥፋእ ብጉልባብ ምቅዎምን ብድሕሪ ተቓወምትን ተሓቢኦም፡ ሓቀኛታት ሃገራውያን ክኾኑ፡ ኣውደኽዲኾምን ገና የዳኽሩ ኣለዉን።

ኣብ ኦርጊክ ዘይጻረየሉ 'ዳስ ሰኽራማት'፡ ከበሮ ዲሞክራሲ ተሰኪሞም፡ ንነብሶም ሃዋርያት ድሕነት ሃገር ኣጠሚቖም፡ ከዳኽሩ ጽኒሖምን ነይሮምን። ሕጂ ድማ ብዝኸፍኣ መልክዑ ይቕጽልዎ ኣለዉ። ነቲ ዝነበሮም ምኞት ምስ ጓኖት ዝዘረገሎም ገድልን ተጋዳላይ ስለዝኾነ፡ ንታሪኹ ክጅልሕዎ እንተፈተኑ ንመን ይገርሞ! ትማሊ ብዓረር ጸላኢ ዝነደደ ቆርበት ተጋዳላይ ክይሽትቶም ኣፍንጨኦም ብጡጥ ወቲፎም ብሕሰምና ሓጪጮም። ስላም ኣብዘይነበሮ ስላም ከምዘሎ፡ ምስ ጸላእትና ዊስኪ ክጉጽጉጹ፡ ሕስምናን መከራናን ክምዝብእስ ገይሮም ክነሶም፡ ሕጂ እቲ ተጋዳላይ ዓማጺ ንሳቶም ፍትሓውያን! እንታይ ዓይነት ስነ-መጐት'ዩ?

ድሕሪ'ዚ ኩሉ፡ ሎሚ ኣካል ናትኩም ኢና ክብሉና፡ ከመይ ይከኣል? ኣሞከኣ ንታሪኽና ንዓኣቶም ብዝጥዕም ክኽልስዎ ትም ኢልና ክንዕዘብ ኮቶ ዝከኣል ኣይመስለንን። ከምቲ ትማሊ ኣብ ሕቑፊ ጸላኢ ኮይኖም ሹት ዝበሉና፡ ሎሚ ድማ ጊዜኦም በሊዕም ዘፍ ክሳብ ዝብሉ፡ ብድሕሪ መጋረጃ ኢንተርነት ተሓቢኦም ብወንጭፍ እንተኾረበቡናን ድላዮም እንተበሉናን ከሰንብደና ኣይግባእን። ውሑዳት ኣብ ታሪኽ ዝኸሰሩውን ኣገናዕ እንተበልዎምን፡ እንተመኳስዎምን ንመን ከይገርሞ። እንተኾነ ካብ ጉዕዞና ብምንም ታኣምር ከሰናኽሉና ዘይሕሰብ ኢዩ። ንውሑዳት ጻላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ግዝያዊ ሓጐስ ይህቦም ይኸውን። ካብኡ ሓሊፉ ግን "ኣሓ'ሞ ከይደን ጸርፊ'ሞ ዝገደፍና የብልናን ከምዝባሃል ብሁል ኮይኑ'ዩ ክሓልፍ።

---ይቕጽል-----